

# ተዘራረቡ

ሓበሬታን ምኽርን ንዓበይቲ ብዛዕባ ድሕነት ቈልዑ
ኣብ ኢንተርነትን ካብ ኢንተርነት ወጻኢን

# ንድሕነት ቈልዑ ዝምልከት ወሳኒ ተራ ኣለካ

ንስኻ ከም ወላዲ ወይ ካልእ ኣገዳሲ ዓቢ ሰብ መጠን ኣብ ናይ ቈልዑ ናይ ኢንተርነትን ካብ ኢንተርነት ወጻኢን ህይወት ክትሳተፍ ንድሕነቶም ወሳኒ እዩ። ይኹን'ምበር ክብረት ናይ'ቲ ቈልዓ ከይጠሓስካ ብዛዕባ ከበድቲ ኣርእስትታት ከመይ ገርካ ከም ትዛረብ ምፍላጥ ኩሉ ግዜ ቀሊል ኣይኮነን።

ከም ዓቢ ሰብ ብዛዕባ ኣብ ኢነተርነትን ካብ ኢንተርነት ወጻኢን ንዘጋጥም ጾታዊ መጥቃዕቲ ምስ ቈልዑ ከመይ ገርካ ክትዛረብ ከም ትኽእል ኣብዛ ብሮሹር ሓበሬታን ምኽርን ክትረክብ ኢኻ።



# ህላው ቈልዑ ኣብ ኢንተርነት

ንምዕባለ፡ ምንቅቓሕን ምስ ሰባት ብሓባር ክሓልፍን ዝነበሮ ዝዓበየ ክፋል ህይወት ቈልዑን መንእሰያትን ኣብ ኢንተርነት እዩ ዝሓልፍ። ኣብ መንጎ ናይ ኢንተርነት ህይወትን ካብ ኢንተርነት ወጻኢን ህይወት ዘሎ ዶብ ዳርጋ የለን። ፍቕሪ ክትምስርት ምፍታን፡ ሃነይነይ ምባልን ወሲብን ብኢንተርነት ከይተረፈ ባህርያዊ ኣካል መዓልታዊ ህይወት መንእሰያት  እዩ። ስለዚ ልክዕ ከምቲ ካብ ኢንተርነት ወጻኢ ድሕነት ባህርያዊ ዝኾነ ኣብ ኢንተርነት እውን ከምኡ ባህርያዊ ክኸውን ስለ ዘለዎ ዓበይቲ ብዛዕባ ዘሎ ሓደጋታትን ዕድላትን ክዛረብሉ ኣለዎም።



**እቲ በዳሊ መን'ዩ፡ እቲ ሓደጋታት'ከ ኣበይ ኣሎ?**

ንቘልዑ መን ንሓደጋ ከም ዘቃልዖምን ኣየኖት ኣፖት ከውግዱ ከም ዘለዎምን ዝብሉ ሕቶታት ብዙሕ ግዜ ንኤክፖት (Ecpat) ይመጸና እዩ። ዝኾነ ሰብ ማለት፡ ዓበይትን ካልኦት ቈልዑን ክኾኑ ከም ዝኽእሉን፡ እቲ ገበነኛ ኣብቲ ቈልዑ ዝርከብሉ ቦታ ከም ዝርከብን እዩ መልሲ ናይ'ዚ። ስለ'ዚ እዩ ዓበይቲ ኣብ ናይ ቈልዑ ኣብ ኢንተርነት ይኹን ካብ ኢንተርነት ወጻኢ ህይወቶም ብማዕረ ክሳተፉን፡ ብዛዕባ ንዕኡ ዝምልከቱ ሕግታትን ስርዓታትን ፍልጠት ክሕብሩ ክኽእሉን ኣገዳሲ ዝኸውን።

# ብኸምዚ ዝስዕብ ገርካ ነቲ ዝርርብ ትጀምሮ

ኣብ ናይ ቈልዑ ናይ ኢንተርነት ህይወት ተገዳስነት ምርኣይን፡ ነቲ ክነግሩኻ ወይ ከይነግሩኻ ዝመርጽዎ ብኹፉት ኣተሓሳስባ ክትርእዮን ኣገዳሲ እዩ። ሓንሳብ ጥራይ ዘይኮነ ብዙሕ ግዜ ብዛዕብኡ ተዛረቡ። ልክዕ ከምቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ከመይ ከም ዝወዓለ ትሓቶ፡ ኣብ ኢንተርነት እውን እንታይ ከም ዝገበረ ሕተቶ። ኣብ ናይ ኤክፖት ሓገዝ ንዓበይቲ (Ecpat Vuxenstöd) ብዛዕባ ኣካላት፡ ደረት ምግባር፡ ፍቓድካ ምሃብ፡ ጾታዊ ርክብን ዝምድናታትን ምስ ናእሽቱን ዓበይትን ቈልዑ ብኸመይ ከም እትዛረብ ዝሕብር መመርሒታት ዝርርብ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። ብናቶም ኲነትን ከይወቐስካን ንኽትሰምዖም ድሉው ምዃንካ ኣነጽረሎም።

ecpat.se/vuxenstod/samtalsguider/

# ስለምንታይ እዮም ቈልዑ ናይ ዕርቃኖም ስእሊ ዝሰዱ?

ፍቕሪ ክትምስርት ምፍታን፡ ሃነይነይ ምባልን ወሲብን ሓደ ባህርያዊ ክፋል ህይወት ቈልዑ እዩ። እዚ ኣብ ኢንተርነት እውን እዩ። ናይ ዕርቃንካ ስእሊ ምስዳድን ምቕባልን መብዛሕትኡ ግዜ ሓደ ክፋል ናይ ክትፈልጥ ምድላይ ኮይኑ፡ እቲ ዝምድና ሓድሕዳዊን ምክብባር ዘለዎን ክሳብ ዝኾነ ናይ ግድን ሓደገኛ ክኸውን ኣየድልዮን እዩ።



ማዕረ ማዕሪኡ ብዙሓት ቈልዑን መንእሰያትን ብዛዕባ ቅቡልን ዘይቅቡልን ነገራት ኣፍልጦ ከም ዝጎድሎም ይዛረቡ። እዚ ንባዕሎም ንገበን ኣብ ዝቃልዕሉ ወይ ባዕሎም ገበን ንምፍጻም ኣብ ሓደጋ ኣብ ዝህልውሉ ኩሉ ግዜ ኣፍልጦ ከም ዘይህልዎም ይገብር። ስለዚ እዩ ዓበይቲ ኣብ ኢንተርነት እውን ብዛዕባ ፍቓድካ ምሃብ፡ ደረት ምግባርን ሕግታትን ምስ ቈልዑ ክዛረቡ ኣገዳሲ ዝኸውን።

## ብዛዕባ ዕርቃን ስእልታት ምስ ቈልዑ ቅድሚ ምዝራብካ ዝሕግዙኻ ምኽርታት

- → ብዛዕባ ኣብ ኢንተርነት ፍቓድ ምሃብ ብኣግኡ ተዛረብ.
- → ነቲ ቈልዓ ብዛዕባ ዕርቃን ስእልታት ዝምልከት እንታይ እዩ ሕጋዊን ዘይሕጋዊን ነገራት ንኽርድኦ ሓግዞ።
- → ገለ ነገር እንተ ኣጋጢሙ እቲ ቈልዓ ኩሉ ግዜ ናባኻ ክመጽእ ከም ዝኽእል ንጹር ኩን።
- → እቲ ቈልዑ ናይ ዕርቃን ስእሊ ስለ ዝሰደደ ጨሪሽካ ኣይትውቀሶ።
- → ሞባይል ወይ ኣፕ ክትቀም ክኽልክለካ እየ ኢልካ ምፍርራሕ፡ እቲ ቈልዓ ገለ ሕማቕ ነገር እንተ ኣጋጢሙ ከም ዘይነግረካ ክገብር ይኽእል እዩ።
- → ውላድካ ንገበን ምስ ዝቃላዕ ናብ ፖሊስ ኣመልክት፡ እቲ ገበን ኣብ ኢንተርነት ስለ ዝተፈጸመ ጥራሕ ፈኲስ ገበን እዩ ማለት ኣይኮነን።

# ናይ ዕርቃን ስእልን ፊልምታት ክዝርጋሕ ከሎ

ናይ ዕርቃን ስእሉ ዝተዘርግሐ ቈልዓ ትፈልጥ ዲኻ? ዝርግሓ ዕርቃን ስእልታትን ፊልምታትን ደው ክተብሎ ይከኣል እዩ። ኤክፓት ቈሎውን መንእሰያትን ኣብ ኢንተርነት ንዝፍጸም ገሃሲ ማተርያላት ዘልግስሉን ካብ ቀጻሊ ዝርግሐ ዝዓግትሉን ናይ ሓገዝ መስመር ኣለና። ብተወሳኺ ናይ ማሕበራዊ መድያታት ሕሳብ ክንዓጹ እውን ንኽእል ኢና። እቲ ቈልዓ ብመንገዲ ናትካ ኤክፓት (Ditt Ecpat) ዝብል ናይ ቈልዑን መንእሰያትን ገጽ ሓገዝ ክረክብ ይኽእል እዩ።

ከም ዓቢ ሰብ መጠን፡ ኣብ ልዕሊ ሓደ ቈልዓ ጾታዊ መጥቃዕቲ የጋጥም ኣሎ ዝብል ጥርጣረ ምስ ዝህልወካ፡ ናብ ናይ ኤክፓት ናይ ተረኛ ቍጽሪ ተለፎን (Ecpat Hotline) ብምድዋል ክትሕብር ትኽእል ኢኻ። እዚ ንኣብነት ብዛዕባ ዋንኡ ዘይፍለጥ ገሃሲ ስእልታት፡ ወረን ናይ ዕርቃን ስእልታትን ዝዝርግሕ ናይ ማሕበራዊ መድያ ሕሳብ (exposekonton)፡ ግሩሚንግ (ሓደ ዓቢ ሰብ ብመንገዲ ኢንተርነት ምስ ቈልዓ ንጾታዊ ርክብ ክራኸብ ከሎ) ወይ ዝርግሓ ናይ ዕርቃን ስእልታትን ፊልምታትን ክኸውን ይኽእል።

***ዳርጋ ካብ ኣርባዕተ ሰለስተ ቈልዑ ዘይተደልየ ናይ ዕርቃን ስእሊ ተቐቢሎም ኣለዉ***

ናይ ኤክፓት ”ዕርቃን ኣብ ኢንተርነት” (”Nude på nätet”) ዳህሳስ 2023.

**ተረኛ ቍጽሪ ተለፎን ኤክፓት (Ecpat Hotline)**

**ናትካ ኤክፓት (Ditt Ecpat)**

# ቈልዓ ግህሰት

## ምስ ዘጋጥሞ ወይ ገለ ከም ዘጋጠመ ምስ እትጥርጥር ዝግበር ቀዳማይ ሓገዝ

### ምልክታት ግህሰት
ንኣብነት ከም ድቃስ ምእባይ ወይ ቃዝኖት ንዝኣመሰሉ ለውጥታት ኣስተውዕል። እዚ እቲ ቈልዓ ንገለ ነገር ተቓሊዑ ከም ዘሎን ጽቡቕ ከም ዘየለን ምልክት ክኸውን ይኽእል እዩ። ቈልዑ ኣይኣምኑንን እዮም ወይ እቶም ዓበይቲ እንታይ ግብረ መልሲ የርእዩ ይኾኑ ኢሎም ይፈርሑ እዮም። በዚ ምኽንያት ድማ ብዛዕባ ሓደ ዓርኮም ዝገበሮ ገለ ነገር ወይ ዝሰምዕዎ ነገር ብምንጋር ናይ "ዘረባ ፈተነ" ክገብሩ ይኽእሉ እዮም። ጽን ኢልካ ስማዕ፡ ካብ ምፍራድን ምሕራቕን እውን ተቖጠብ።

### ክትሓትት ድፈር – ህድእ ኢልካ ስማዕ
ንመጀመርታ ግዜ ኣብ ዝሓተትካሉ ዋላ መልሲ ኣይትርከብ፡ ከም ትግደስን ምዝራብ ጸገም ከም ዘይብሉን ኢኻ ተርኢ ዘለኻ። ቁሩብ ግዜ ምስ ሓለፈ ኣብ ካልእ ኵነታት እንደገና ፈትን። ብዙሓት መንእሰያት ንሓደ ዓቢ ሰብ ከየግህዩ ወይ ከየቖጥዑ ስለ ዝፈርሑ ካብ ምንጋር ድሕር ይብሉ። ቅድሚ ሕቶታት ክትሓትት ምጅማርካ  እቲ ቈልዓ ክሳብ ዘረብኡ ዝውድእ ተጸበዮ። ክዛረብ ምስ ዘይደሊ ድማ ኣኽብሮ።

### ካብ ሕፍረትን ናይ በደል ስሚዒትን ኣናግፎ
ቈልዑ ግዳያት ኣብ ዝኾንሉ እዋን መብዛሕት ግዜ ሕፍረትን ናይ በደል ስሚዒትን ይስምዖም እዩ። እቲ ዘጋጠመ ጨሪሹ ናቱ ጌጋ ከም ዘይኮነ እቲ ቈልዓ ንኽርድኦ ሓግዞ።

### ገበን ምስ እትጥርጥር ናብ ፖሊስ ኣመልክት
ሓደ ቈልዓ ንገበን ተቓሊዑ ኣሎ ኢላክ ምስ እትጥርጥር ናብ ፖሊስ ኣመልክት። እቲ ነገር ገበን ምዃኑ ርግጸኛ ምዃን ኣየድልየካን እዩ፡ ምጽራዩ ናይ ፖሊስ ስራሕ እዩ። ንኣብነት ዝተገብረ ዝርርብ፡ ናይ ተጠቃሚ ሰብ ስም ወይ ስእልታት ዝኣመሰለ መርትዖታት ዓቅብ። ኣብ ኢንተርነት ግዳይ ገበን ምዃን ልክዕ ከምቲ ኣብ ህይወት ዘጋጥም ገበን ከቢድ ምዃኑ ዘክር።

### ብዛዕባ ሓደ ቈልዓ ትሻቐል እንተ ዄንካ ናይ ሻቕሎት ምልክታ ኣእቱ
ሓደ ቈልዓ ይጉዳእ ከም ዘሎ ምስ እትጥርጥር ኵሉ ግዜ ናይ ሻቕሎት ምልክታት ከተእቱ ኣለካ። እንታይ ዓይነት ሓገዝ ከም ዘድሊ ምግምጋም ናይ ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ስራሕ እዩ።

### እቲ ቈልዓ ሓገዝ ከም ዝረክብ ኣረጋግጽ
ንግህሰት ዝተቓልዑ ቈልዑ ሓገዝ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎም። ሓደ ሓደ ግዜ ምስ ዝኾነ ሰብ ካብ ስድራ ወጻኢ ክዛረቡ ይቐለሎም። ንኣብነት ብመንገዲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ትሰርሕ ኣማኻሪት ወይ ክሊኒክ መንእሰያት (ungdomsmottagningen) ሓገዝ ድለ። እቲ ቈልዓ ስሙ ከይነገረ ኣብ **dittecpat.se** ኣትዩ እውን ብጽሑፍ ከዕልል (chatta) ይኽእል እዩ።

### ምስ ዘድልየካ ንነብስኻ እውን ሓገዝ ድለ
ሓደ ቈልዓ ንግህሰት ምስ ዝቃላዕ፡ ከም ዓቢ ሰብ ኣባኻ ብዙሕ ሓያል ስሚዒታት ክልዓል ይኽእል እዩ። እንታይ ከምትገብር ምፍላጥ ድማ ኵሉ ግዜ ቀሊል ኣይኮነን። ምስ ዘድልየካ ንኣብነት ካብ **ecpat.se/vuxenstod** ሓገዝ ድለ።

# ሕጊ እንታይ ይብል?

**ኣብ ኢንተርነት ይኹን ካብ ኢንተርነት ወጻኢ ንቈልዓ ብዛዕባ ወሲብ፡ ናይ ዕርቃን ስእሊን ፍቓድ ምሃብን እንታይ እዩ ቅቡልን ዘይቅቡልን ክትምህሮ ምእንቲ ክትክእል፡ ንስኻ ከም ዓቢ ሰብ መጠን ሕጊ እንታይ ከም ዝብል ክትፈልጥ ወሳኒ እዩ።**

## ናይ ዕድመ ገደብ

ኵሎም ትሕቲ 18 ዓመት ዕድሚኦም ሰባት ቈልዑ ስለ ዝኾኑ ካብ ጾታዊ መጥቃዕቲ ክድሕኑ መሰል ኣለዎም። እቲ ቈልዓ እና ዓበየ ኣብ ዝኸደሉ ባዕሉ ናይ ምውሳን መሰሉ እናዛየደ ይኸይድ። ቈልዑ ካብ 15 ዓመት ዕድሚኦም ጀሚሮም ንጾታዊ ርክብ ፍቓድ ክህቡ ይኽእሉ እዮም። እቲ ኣዝዩ ኣገዳሲ ሕጊ፡ እቲ ቈልዓ ፍቓደኛ ይኹን ኣይኹን ብዘየገድስ  ምስ ትሕቲ 15 ዓመት ቈልዓ ጾታዊ ርክብ ምፍጻም ገበን ምዃኑ እዩ። ካብዚ ፍልይ ዝብል፡ እቶም ጾታዊ ርክብ ዝፍጽሙ ሰባት ውሑድ ናይ ዕድመ ፍልልይ ምስ ዝህልዎምን፡ ጾታዊ መጥቃዕቲ ከም ዘይኮነ ንጹር ምስ ዝኸውንን እዩ። ቈልዑ ካብ 15 ዓመት ዕድሚኦም ጀሚሮም ናይ ዝፈጸምዎ ገበን ሓላፍነት ስለ ዘለዎም ብገበን ክፍረዱ ይኽእሉ እዮም።

## ግህሰት ኣብ ኢንተርነት እውን ይፍጸም እዩ

ብዓይኒ ሕጊ ኣብ መንጎ ብኣካል ዝፍጸም ጾታዊ ርክብን ኣብ ኢንተርነት ዝፍጸም ጾታዊ ርክብን ፍልልይ የብሉን። ሓደ ሰብ ንሓደ ትሕቲ 15 ዓመት ዕድሚኡ ቈልዓ ኣብቲ ብቪድዮ ዝገብርዎ ዕላል ምስ ነብሱ ጾታዊ ተግባር ከም ዝፍጽም ወይ እቲ ቈልዓ ንነብሱ ፊልም ከልዕል ምስ ዝገብር፡ ልክዕ ከም ብኣካል ኣብ ሓደ ቦታ ኾይኖም ዝገበርዎ ብተመሳሳሊ መንገዲ ጾታዊ ገበን እዩ።

## ሕጊ ከምዚ ይብል፡-

- ንቈልዓ ንጾታዊ ተግባራት ምኽፋል ኵሉ ግዜ ገበን እዩ። እቲ ኽፍሊት ናይ ግድን ብገንዘብ ክኸውን የብሉን። ንኣብነት ኣልኮላዊ መስተ፡ ሽጋራን ክቡር ክዳውንትን ዝኣመሰሉ ነገራት እውን ክፍሊት እዩ።
- ሓደ ቈልዓ ናይ ዕርቃኑ ስእሊ ክህልዎ ገበን ኣይኮነን። ገና ናይ ዘይጎበዘ ካልእ ቈልዓ ናይ ዕርቃን ስእሊ ምሓዝ ግን ገበን እዩ። ሓደ ሓደ እዋን ናይ ዝጎበዘ ቈልዓ ምሓዝ እውን ገበን ክኸውን ይኽእል እዩ።
- ንትሕቲ 15 ዓመት ዕድሚኡ ቈልዓ ናይ ዕርቃን ስእሊ ምስዳድ ብሓፈሻ ገበን እዩ። ንሓደ ትሕቲ 15 ዓመት ዕድሚኡ ቈልዓ ናይ ዕርቃኑ ስእሊ ምሕታት እውን ገበን ክኸውን ይኽእል እዩ።
- ንሓደ ልዕሊ 15 ዓመት ዕድሚኡ ሰብ ብዘይድልየቱ ናይ ዕርቃን ስእሊ ምስዳድ ገበን እዩ። ከምኡ'ውን ንሓደ ልዕሊ 15 ዓመት ዕድሚኡ ሰብ ብጾታዊ ገሃሲ ኣገባብ ናይ ዕርቃን ስእሉ ምሕታት ገበን እዩ።
- ናይ ካልእ ሰብ ናይ ዕርቃን ስእሊ ምዝርጋሕ ገበን እዩ።
- ንሓደ ቈልዓ ጾታዊ ተግባር ክፍጽም ምፍርራሕ፡ ምጭቅጫቕ ወይ እንተ ዘይገርካዮ ኢልካ ብሕቡእ ምፍርራሕ ኵሉ ግዜ ዘይሕጋዊ እዩ።

## ንምምልካት ጨሪሽካ ኣይትስጋእ

ሓደ ቈልዓ ኣብ ኢንተርነት ይኹን ካብ ኢንተርነት ወጻኢ ይፈጸም ብዘየገድስ  ንጾታዊ መጥቃዕቲ ምስ ዝቃላዕ ብማዕረ ከቢድ ነገር እዩ። እቲ ፍጻመ ክምርመር ኣገዳሲ እዩ። ናብ ፖሊስ ብቝጽሪ ተለፎን **114 14** ደዊልካ ኣመልክት። ናብ መደበር ፖሊስ እውን ክትከይድ ትኽእል ኢኻ። እቲ ገበን ሽዑ ይፍጸም ምስ ዝህሉ ኵሉ ግዜ ናብ **112** ክትድውል ኣለካ።

# ኤክፓት ኣብ ልዕሊ ቈልዑ ዝፍጸም ጾታዊ መጥቃዕቲ ንምክልኻልን ደው ንምባልን ይሰርሕ

ብመንገዲ ናይ ሓገዝ መስመርናን ዳህሳሳትናን ቈልዑ ተመኩሮታቶምን ዘጋጠሞምን ንዓና የካፍሉና እዮም። እዚ ብዛዕባ ናይ ቈልዑ ክውንነት ፍሉይ ፍልጠት ስለ ዝህበና ሓገዝ ንዘድልዮም ቈልዑ ብኸመይ ከም ንቕበሎምን፡ ንወለድን ንኻልኦት ዓበይትን ኣብ መዓልታዊ ህይወቶም ብኸመይ ከም ንድግፎምን ከነማዕብል ይሕግዘና እዩ።

# ናይ ኤክፓት ሓገዝ ንዓበይቲ – ንዓኻ  ኣብ ከባቢ ቈልዓ ዘለኻ

ኤክፓት ሓገዝ ንዓበይቲ፡ ንዓኻ ወላዲ ወይ ካልእ ኣብ ከባቢ እቲ ቈልዓ ኣገዳሲ ሰብ ንዝኾንካ እዩ። ኣብዚ ብዛዕባ ጾታዊ መጥቃዕቲ ንምክልኻልን ገለ ነገር ምስ ኣጋጠመን ምስ ቈልዓ ከመይ ገርካ ክትዛረብ ከም ትኽእል ሓበሬታን ብነጻ ምኽርን ትረክብ።

ምሳና ብኢ-መይል ወይ ብተለፎን ንምዝርራብ ቆጸራ ብምሓዝ ርክብ ክትገብር ትኽእል።

ኣብዚ ኣቲኻ ብዝያዳ ኣንብብን ቈጸራ ሓዝን

ecpat.se/vuxenstod